

# ሕሱም ዓንቃሪባ

# DEADLY BAIT



ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ናይ ዓንቃሪባ ጠቢብ።

ግንባርቶሮንቶ.ኮም
ማርች 1፡ 2020

ኣብ ፎቶ ንርእዮም ዘሎና 4ተ ወተሃደራት ካልኣይ ኵናት ዓለም፡ ኣየር ዝመልአት ፓላንቺና ታንኪ፡ ኣብ ምሩጹ ምሩጽ ቦታታት ኮፍ ኮፍ ብምባል፡ ሓይልታት ኣላይድ ንሂትለር ኣብ ዘይሓሰቦ ህጉም ንምእታው፡ ዓንቃሪባ (BAIT) ክተኽሉ ከለዉ ኢና ንዕዘቦም ዘሎና።


ኣየር
ዝመልኣ
ፓላንቺናታት
ጀነራል ስብሓት ኤፍረም።

ኣነ'ውን ከም'ዞም ወተሃደራት 2ይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ ኖቨምበር 11፡ 2019፡ ፓላንቺናታት ጀነራል ስብሓት ኤፍረም ኣየር መመሊኣ፡ ኣብ ሰለስተ ምሩጻት ቦታታት፡

- GENBARTORONTO.COM
- ASSABNATURALPORT.ORG
- TOGORUBA.ORG

ኮፍ ኮፍ ኣቢለዮም ነበርኩ።

እዞም ሰለስተ ዓንቃሪባታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዌብሳይውቲ ፋሕ ዘበልክወዎም ምኽኒያት መወናወኒታት ብዝያዳ ንም ብዝሓም ነበረ። ብዝተረፈ ግን ዒላማኦም ሓደ ነበረ። ንሱ ከኣ ነቲ ዓንዳፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዓንቃሪባ ቀርቀብ ንምባሉ ነበረ።

ሂትለር፡ ኣብ መጥቃዕቲ ናይ ዲ-ደይ፡ ጁን 6፡ 1944፡ ሓይልታት ኣላይድ በየናይ ወገን ናይ ኢንግሊሽ ቻነል ከጥቕዑና ይኾኑ? እናበለ ኣብ ስኮሜሳ ይጭነቕ ነበረ።




ኣብ ቅኑዕ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ እቲ ዝሓጸረ መንገዲ ዘይኮነስ እቲ ዝነውሐ መንገዲ ኢኻ ክትክተል ዘሎካ፡ ምኽንያቱ ነዊሕ መንገዲ ምውሳድ፡ ኣብዝሕትኡ ግዜ ከቢድ መስዋእቲ ካብ ምኽፋል ስለዘድሕንዩ።

- ሓጺር መንገዲ፡ ሂትለር ሓይልታት ኣላይድ ብሓጺር መንገዲ፡ ብካላያስ ወገን'ዮም ዘጥቅዑ፡ ኢሉ ይኣምን ነበረ። ዓንቃሪባ (BAIT) ሓይልታት ኣላይድ እውን ንሂትለር ንምድንጋር ብካላያስ ወገን ተተኺሎም ነበሩ።

- ነዊሕ መንገዲ፡ ሓይልታት ኣላይድ ግን ነቲ ቅኑዕ ነዊሕ መንገዲ ናይ ቸርቦርግ ብምውሳድ ንሂትለር ብቐሊሉ ኣደናጊሮም፡ ቅልጡፍ ዓወት ክጭብጡ ከኣሉ።

ፐርፌክቶ ዝተተኽለ ዓንቃሪባ (BAIT) ኣብ ስትራተጂ ወሳኒ ግደ ከም ዝጻወት፡ ቀሪቡ ዘሎ ካርታ ይምህረና።

ከምቲ ኣብ ካርታ ዝተዓዘብናዮ፡ ንሂትለር ኣብ ርእሲ'ቲ ንሱ ዝነበሮ ግጉይ ግምት እቶም ዓንቃሪባታት መመሊሶም ናብ ዝያዳ ህጉም የእትውዎ ስለዝነበሩ፡ ሰራዊት ሂትለር ኣብ ዲ-ደይ ብቐሊሉ ተሳዕረ።

ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም፡ ምስ ኤሪ ቲቪ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መጠይቕ፡ "ኣብ ቅኑዕ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ እቲ ዝሓጸረ መንገዲ ዘይኮነስ እቲ ዝነውሐ መንገዲ ኢኻ ክትክተል ዘሎካ" ክብል ገሊጹ ነበረ። ነዊሕ መንገዲ ምውሳድ፡ ኣብዝሕትኡ ግዜ ካብ ከቢድ መስዋእቲ ምኽፋል ከድሕን ስለዝኽእል'ዩ፡ ጀነራል ስብሓት ከምኡ ዝበለ።

ኣብቲ ኣነ ንኢሳያስ ዘጻወድክዎ ዓንቃሪባ፡ ናተይ ፍሉይ ሸቶ ነቲ ኢሳያስ ኣብ ህጡም ተሃጣጢም ሽሪብዎ ዝነበረ ጀነራል ስብሓት፡ ስእሊ ናቱ ናብ ህዝቢ ከምዝድርብዮ ንምቕስቃስ ነበረ።

ንኢሳያስ ራዕዲ ዘእትውሉ ክልተ ቀንዲ ምስጢራት ከምዘለው፡ ኣነ ጽቡቕ ጌረ መዚነ ነበርኩ።

## 1. ጉድ ምምራኽ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ጁን 6፡ 1998

ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ኣብ ጁን 6፡ 1998ን፡ ንኻልኣይ ግዜ ተማሪኹ ዝብል ዜና ፍጹም ፈይክ ምዃኑ፡ ኣነ የዐሪየ ይፈልጥ ነበርኩ። ኢሳያስ'ውን ኣነ ብዛዕባ'ዚ ፈይክ ዜና፡ ኢቪደንስ ከምዘሎኒ ንሱ ብደምቢ ከምዘይስሕቶ፡ ኮታስ መዚነዮ ነበርኩ።



ናይ ብሓቂ ድራማ ናይ ብሕሶት ስርሒት ኮማንዶ፡ ሃብተ ገሬሱስ ሻውል (ወዲ ሻውል) ኣብቲ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ደርማስ ድራማ ገድሊ ይዋሳእ፡ "33 ነፈርቲ፡ ስጋ ሳይራም'ለ! ሓወይ ጌረሱስ! ኣብቲ ኣርያፖርቶ ኣበልወን ድምስስ"።

## 2. ጉድ ስርሒት ኮማንዶ፡ 33 ነፈርቲ ኣበልወን ድምስስ

ስርሒት ኮማንዶ፡ 33 ነፈርቲ ኣበልወን ድምስስ፡ ፈይክ ምኻኑ ኣነ ጽቡቕ ጌረ በጺሐዮ ነበርኩ። እቲ ስርሒት፡ ብኮማንዶ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘይኮነስ ብዕሱባት ኢትዮጵያውያን ኣባላት ሓይሊ ኣየር ደርግ ዝተፈጸመ ስርሒት ነበረ።

ኮማንዶ! ኮማንዶ! ኣብ ውሽጣ ጭራሽ ኮማንዶ የብላን፡ ኣብ ውሽጣ ብኢሳያስ ዝተዓስቡ ኢትዮጵያውያንን ናይ ሳቦታጅ ታይም ቦምብታትን ብቻ ነበሩዋ።




ፈይክ 2ይ ምምራኽ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስን ፈይክ ስርሒት ኮማንዶ 33 ነፈርትን ዓንቃሪባ ግንባርቶሮንቶን ኣብ ግድላት ስለያን ጸረ-ስለያን ተቛራሪኖም፡ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ፎቶታት ናይ ዝለመሰ ጆ/ ስብሓት ኤፍረም ንAAN Media Network ከምዘቐብሎም፡ ብርግጽ ጌሮሞ ኢዮም። ምምሕልላፍ ስለያዊ ፎቶታት ካብ ኢሳያስ ናብ AAN፡ ንግንባርቶሮንቶ ንምህራም ምኻኑ ከቶ ዝሰሓት ኣይኮነን።

እምበኣርከስ ኣብ ዙሪያ ኮማንዶ ዝተደርፈልና "ስጋ ሳይራም'ለ! ሓወይ ጌረሱስ!" ይኹን "ኣሳእል ኮማንዶታት" ወይም ዝተደርሰ መጽሓፍ ኮማንዶ ብምልኦም ፈይክ ምኻኖም፡ እቲ ንዓመታት ክሳብ ሕጂ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ኢሳያስ ደርማስ ድራማ ብቻ ምንባሩ፡ ሎሚ ምስጢር ዕዳጋ ጌረዮ ኣለኹ።

ኢሳያስ፡ ካብ ፈለማ 80ታት ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ንኢትዮጵያውያን ላዕለዎት ኣዘዝትን ኣባላት ሓይሊ ኣየርን ኣብ ምዕሳብ፡ ብቐጻሊ ምስተዋፈረ ነበረ።

ምስ ኢትዮጵያውያን ፍሉይ ፍቕሪ ናይ ምምስራት ጠባይ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ይኹን ብህዝቢ ኤርትራ፡ ክሳብ ቀረባ እዋን ከይተገጠመ ንዓመታት ክቕጽል ጸንሑ ኢዩ።

ኢሳያስ፡ ካብ ቅድም ኣትሒዙ ዝተፈላለዩ ኢትዮጵያውያን ኤሊት ምዕሳብ ዝግደሰሉ ዝነበረ ዋና ዕላማ ነዚ ሕጂ ዝገሃደልና ዘሎ ድራማታት "Game is over፡ ኣይከሰርናን ወይ ንስኻ ኢኻ ትመርሓና" ንምጥጣሕ፡ መጨረሽትኡ ከኣ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንምቑራን ነበረ።

ግንባርቶሮንቶ፡ ንኢሳያስ ኣብ ሕሱም ዓንቃሪባ እንተዘይተወድቐ፡ ነቶም ብዓይኒ ስለያን ጸረ-ስለያን ሃይ ቫልዩ ዝስርዑ ፎቶታት ናይ ዝለመሰ ጀነራል ስብሓት ፈጺሙ ናብ ህዝቢ ኣምበይመውረዶን ኔሩ።

ጀነራል ተረኺቡ ኣሎ፡ ሳላ ዓንቃሪባ ግንባርቶሮንቶ።

---

**GENERAL SEBHAT EFREM, ISAYAS AFEWERKI, BAIT, SPYING & COUNTER-SPYING**

Please submit your inputs and comments.

Haile Menegesha Okbe
Toronto, Canada

COM LINKS
Cellphone: 416-858 9305
Email: haileokbe@yahoo.com
Facebook: Haile Mengesha Okbe
WhatsApp: Haile Menegesha Okbe